KANTON AARGAU

hallo — aargau.ch

# ወለዲ ምዃን

**ሓደ ቆልዓ ምዕባይ ብዙሕ ሓላፍነትን ጠለባትን ይሓትት። ብዙሓት ወለዲ ኣብ ዝተፈላለዩ ኣጋጣሚታት ንውላዶ እቲ ዝበለጸ እንታይ: ኢዩ ኢሎም ይሓቱ። ምስ ካልኦት ወለዲ ምትሕታት ጽቡቕ ውጽኢት ክርከቦ ይከኣል። ብዘይካዚ ብዙሓት ናይ ምኽሪ ትካላት ኣለዋ።**

## መራኸቢ ቦታታት

ንኣቦታትን ኣዴታትን ምስ ካልኦት ወለዲ ተመክሮን ሓበሬታን ዝለዋወጥሉን: ደቆም ሒዞም ዘጻውትሉን ዝተፈላለየ ንጥፈታት ዝግበር ኣቕርቦት ኣሎ። ገለ ኣቕርቦታት ብፍሉይ ንስዊስን ወጻእተኛታት ወለዲን ዝምድና ንክገብሩ ተባሂሉ ዝተዳለወ ኢዩ።

- ንጠበውቲን ፍሑኽ ዝብሉ ክሳብ 2 ዓመት ዝዕድሜኦም ሕጻናት ኣብ ብዙሓት ምምሕዳር ከባቢታት ጋንታ ተንፍሓኽቲ (Krabbelgruppen) ዝበሃል ኣሎዉ።ኣብዚ ወለዲ ነንሕድሕዶም ይላለዩ።
- ወለዲን ሕጻናትን ናይ ገዛ ምንቅስቓስ ስፖርት (MuKi-/VaKi-/ElKi-Turnen) ዝገብርሉን ዝዘናግዕሉን ኣገልግሎት ይህብ።
- ኣብ ናይ ወለዲ ማእከል (Familienzentrum) ዝተፈላለየ ምርኢትን ኣኼባታትን ናይ ወለዲን ቆልዑትን ይግበር።
- ቤተ መጻሕፍቲ ንወለዲን ቆልዑትን ዝተፈላለየ ኣገልግሎት ይገብሩ።

ኣብ ትነብርሉ ምምሕዳር ከባቢ ድኩም ብዛዕባ ዝተፈላለዩ ነዚ ዝምልከት ዝወሃቡ ኣገልግሎታት ምውካስ ኣዝዩ ኣገዳሲ ኢዩ።

## ስልጠና ንወለዲ

ኣብ ካንቶን ኣርጋው ወለዲ: ንዝተፈላለዩ ዛዕባታት ዝምልከት ስልጠናታት ይሳተፉ።ኣብዚ ብፍላይ ንናይ ወጻእተኛትት ጠለባት ዝምልከቱ ስልጠናታት ይወሃቡ። ከም ኣብነት ዝጥቀስ: ብዛዕባ ናይ ስዊስ ናይ ትምህርቲ ሜላ/ኣገባብ ኢዩ። ገለ ስልጠናታት ብናይ ደገ ቛንቛ ይወሃቡ። ብዛዕባዚኦም ዝወሃቡ ኣገልግሎታት ኣብ ናይ ኢንተርነት ኣድራሻ ምስልጣን ወለዲ ኣርጋው "Elternbildung Aargau" ካብ ቤት ትምህርቲ ወይ ምምሕዳር ከባቢ ሓበሬታ ምርካብ ይከኣል።

## ናይ መዕበያ ኣማኸርቲ

ብዛዕባ ኣተዓባብያ ቆልዑት ብዙሕ ክፊልጥን : ሓበሬታ ክረክብ ዝደልን: ዝተፈላለያ ናይ ምኽሪ ትካላት ክውከስ ይከኣል። ኣብ ኩሉ ዞባታት: ናይ ወለዲ ኣማኸርቲ ትካላት ኣለዋ። ብተወሳኺ ናይ ኣባታዊን እናታዊን ኣማኸርቲ (Mütter- und Väterberatung) ኣብ ዝተፈላለዩ ምምሕዳር ከባቢታት: ብዞኣዕባ ኣተዓባብያ ውላድን: ናይ ኣጠባብዋ ሜላን ሓበሬታ ይህባ። ኣብ ናይ ወልዲ ህጹጽ ረድኤት ዝድለየሉ ንወለዲ : ክኢላታት እዚ ዓውዲ ብተለፎን ወይ ኢ-መይል (ተልፎን 0848 35 45 55 (ንቡር ታርፍ ዝኸፈሎ) www.elternnotruf.ch) ምውካስ ይከኣል።

KANTON AARGAU

hallo — aargau.ch

**ዝያዳ ሓበሬታ (ሊንክኣድራሻታት ብሮሹራት ቡለቲን)**

www.marhaban-aargau.ch/ti/partnership-and-children/being-a-parent